*እዛ ኣፈርክቡ እትብል ግጥሚ*
*ብ.11 ታሕሳስ ኣብ ራድዮ ሸቱትጋርት ዝተነበት.ያ*
*ብ.ገብረሚካኤል ሃብተጽዮን (ቆሪጀ)ሃገር ጀርመን)*

# ኣፈርክቡ

*ህግደፋዊያን ንዑ ተኣከቡ*
*በብዘለኩምምዎ ሃገር ተሰብሰቡ*
*ትባሃሉ ኣለኹም ኣፈርክቡ*
*እቶም ግዜ ዘለኩም ሓመድ ድብ ክተርክቡ*
*እቶም ጭንግዓቱ ቋረጣ ክትእክቡ*
*መራሕኹም ካብ ኣጥፈሔ ቀልቡ*
*እቶም ምሁራቱ ውን ታሪኽ ከተንብቡ*
*ትባሃሉ ኣለኹም ኣፈርክቡ*
*ንዓኻትኩምየ ኣቱም ተንጨብጥቡ*
*ሃገር ማዕቢላ እንዳ በልኩም ልቢ ገርህታት ክትሰልቡ*

*ኣብ ንውየርክ ጀነቭ ትድብሉ*
*ደቅኻትኩም ሓቐፍኩም ተሸካዕልሉ*
*ወለድኹም ዘዕበይኹም እንዳ ተበደሉ*
*ዓገብ ዝብሉ እንዳ ተመቁሑ እንዳ ተቀተሉ*
*ኣዕንቲ ከለኩም ትርእይሉ*
*ዓይኒ ሰብ ተንቁሩ ተባህለ ተዕልሉ*
*ንመጽነቲ መንእሰያትና ተገልግሉ*
*ስም ስውኣትና ተራኺሱ ብኣታቶም ትምሕሉ*
*ክልተ ካብ ሚእቲ ዘይከፈለ ኣይኤርትራውንዩ ትብሉ*
*ህዝብና እንዳ ተዳህከ መስላቱ ተኸልኪሉ*
*ክሳብ ማዓስኹም ክትዓብዱ ክተዳኽርሉ*
*ኣሜርካ ወያነ እንዳበልኩም ክትጽለሉ*
*ደመኛ ህዝቢ ኤረትራስ ኢሰያስዩ ባዕሉ*
*ሃገር ብዘይ ቁዋም ዘማሓድረሉ*
*ብሓደ ሰብ ዝውሰን ጉዳይ ሃገር ኩሉ*
*ብሓሶት ብሸርሒ ዝነብር ኣታሊሉ*
*ነብሰ ምትዕብባይ ዝፈቱ ንኻልኦት ኣቃሊሉ*
*ሓሳዊ ጃህረኛ ዘይሓፍር ኣምስሉ*
*ብህዝብና ተጻዊቱዩ ዝኣኽሎ ኣሸካዕሊሉ*

*(እንተ ሕጂ ግን)*

*መንእሰያትና እንካብ ተበገሱ*
*ይባራበሩ ውን ዝባዕገጉ ዝደቀሱ*
*ኢዶም ዘጣመሩ ኢዶም ይሓውሱ*
*ኢሂን ሚሂን ተባሂሉ ተቋዲሱ*

*ነዚ ሓደ ርእሱ ክልተ መልሃሱ*
*ነቶም ጥሪቱ ንሱ ንሕና ንሕና ንሱ*
*ህግደፍን ኣጫፈርቱን ብሓባር ክድምሰሱ*
*ክሳብ ማዓስ ክላገጽ ኣሕዋት ኣባኢሱ*

*ጸጊቦም እትብሉ ብጅምላ እንዳሞቱ*
*እንዳ ተጠብሖ ብኻራ እንዳ ተሸጠ ኩሊቱ*
*ሓዊ እንዳ ንደድዎ ኣካላቱ*
*ኣሓትና እንዳ ተደፍራ  ብማፍያትት ሸፋቱ*
*ከይቅመጥ ኣብ ዓዱ መሬቱ*
*ቀሲኑ ከይነብር ኣብታ ማሙቕ በቱ*
*ከይማሃር ከይምዕብል ከይካታተል ትምህርቱ*
*ብኣፍሙዝ ኣርዕዱ ገቢርዎም ባሮቱ*
*ንወዶም ንጓሎም ንሳዋ ኣክቲቱ*
*መንግስቲ ህግደፍ መንግስቲ ሸፋቱ*
*ደጊም ኣብቂዖዩ ተፈሊጡዩ ክፍኣቱ*
*ኩሉ ፈሊትዎዩ ዋላ እቶም ናቱ*

*ስኒትን ፍቅርን ንህዝብና*
*ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ስውኣትና*
*ሞት ንስርዓት ህግደፍን ጭንግዓቱን*
*ክንዕወት ኢና።*